# ስፖንሰርሺፕ ስደተኛ

ሓድሽ

ኣብ ውሽጢ ኣርብዓ ዓመታት ንመጀመሪያ ግዜ፣ **ኣሜሪካዊያን ዜጋታት ጉጅለ ብምቛም** ንስደተኛታት ናብ ኣሜሪካ ንምምጻእ ስፖንሰር ክገብሩ ይኽእሉ። እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሓድሽ መደብ ካብቲ ናይ ካናዳ ጉጅለ 5 ወይ ድማ ግሩፕ 5 ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሞዴል ዝርዓመ ኮይኑ ስሙ ድማ Welcome Corps Program ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ዕውት ዝኾነ ጉጅለ ስፖንሰር ንምቛም HIAS 5 ጠቓምቲ ምኽርታት ኣለውዎ

## 1

### እቶም ደረጃታት ተረዳእ

**ደረጃ 1 (ኣብዚ ሕጂ እዋን ተኸፊቱ ዘሎ):** መንግስቲ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ስፖንሰር ክኾኑ ዝደልዩ ሰባት ምስ ዘይፈልጥዎም ስደተኛታት የራኽብ። ብመጀመርታ ደረጃ 1 ካብ ኣብ ትሕተ ሳህራ ኣፍሪቃ ዝረከቡ ስደታኛታት ይጅምር።

**ደረጃ 2 (ካብ መፋርቕ-ክሳብ-መወዳእታ 2023):** ስፖንሰራት ንመን ስፖንሰር ክገብርሉ ይደልዩ ክሮቕሑ ይኽእሉ።

**ንደረጃ 2 ሕጂ ምምዳብ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ!**

## 2

### ጉጅለኻ ኣቑም

እንተወሓደ **5 ሰባት ናይ ስፖንሰርካ ጉጅለ** የድልዩኻ። ስፖንሰራት ክኾኑ ዝደልዩ ዘድልዮም ረቋሒታት፡

- ልዕሊ 18 ዓመታት ዕድመ ክኾኑ ኣለዎም
- ምጽራይ ሕሉፍ ታሪኽ (ካብ ገበን ናጻ ምዃንካ/ምዃንኪ)
- ናይ ስነ ምግባርን፡ ክትገብሮም ዝተመባጻዕካ ንምትግባርን ብኽታምካ ምርግጋጽ
- ኣብ ኦንላይን ስልጠና ምውሳድ
- ስፖንሰራት ኣብ ሓደ ኣከባቢ ዝነብሩ ክኾኑ ኣለዎም።። እቲ ሓድሽ ዝመጽእ ስደተኛ ኣብቶም ስፖንሰር ዝገበርሉ ጉጅለ ስለዝመጽእ።

## 3

### ገንዘብ ቀርብ

**ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከምዘድልየካ ክትፈልጥ HIAS ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።**

ብኣዋጅ ናይ መንግስቲ መሰረት ስፖንሰር ንኽትከውን ንነፍሲ ወከፍ ስደተኛ ዝኸውን $2,425 ክትቅርብ የድልየካ። ይኹንእምበር፣ ሓቀኛ ወጻኢታት (ናይ ስደተኛ ክራይ ገዛ፣ መግቢ፣ ኣገልግሎታትን ካልእን ወሲኽካ) ካብ ስቴት ናብ ስቴት ይፈላለ እዩ።

## 4

### መደብ እንቋዕ ናይ ብድሓን መጻእኩም

ከም ካብ ኤርፖርት ምቕባል፣ ዉሕስነት ዘለዎ ገዛ ምውሓስ፣ ንህዝባዊ ረብሓታት ምምዝጋብ፣ ስራሕ ምርካብን ካልእን ዝኣመሰሉ ቀንዲ ናይ ምጥያስ ኣገልግሎታት ከመይ ከምትቕርብ ብምንዳፍ **"እንቋዕ ናይ ብድሓን መጻእኩም መደብ" ዝርዝር ክትጽሕፍ የድልየካ**።

**ኣብዚ HIAS ክሕግዘካ ይኽእል እዩ!**

## 5

### ምስ HIAS ተዘራረብ

ኣብቲ ናይ ምምልካት መስርሕ፣ መሻርኽቲ ምርኻብን ናይ ስፖንሰር ናይ ምግባር ጉዕዞኻ ደገፍን **HIAS ንዓኻ ክመርሓካ መሳሪሒታት፣ ጸጋታትን ተሞክሮን ኣለዎ**።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ hias.org/welcome-circles
info@hias.org ኢልካ ኢሜይል ጽሓፍ

ናብ 800-HIAS-714
(800-4427-714) ደውል

HIAS
Welcome the stranger.
Protect the refugee.

October 2023